# መጽሓፍ ስዉእ ኣሕመድ መሓመድ ናስር

# ምልኪ ህዝቢ ኤርትራን ምዃኑ ኣይንዘንግዕ



ብመጀመርታ : መጽሓፍ ስዉእ ኣሕመድ ናስር: ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ክነስምረሉ ንደሊ። እዚ ስለ ዝኾነ ንሕና: ስድራቤት ስዉእ ኣሕመድ (በዓልቲ ቤቱ ሱዓድ ዓብደላ ምስ ደቀይ) እቲ ብስዉእ ዝተጻሕፈ ናይ ነዊሕ ቃልሲ ተሞክሮኡን ሃብታም ውርሻን ከምቲ ዝተጻሕፎ ንመጻኢ ትውልዲ ክበጽሕ ዘሎና ተሪር ባህጊ ንገልጽ።

በዚ መሰረት: ስዉእ ኣሕመድ ካብ ዝፍለየና ጀሚሩ መሪር መስርሕ ተሳጊርና እታ መጽሓፍ ከምቲ ዝተጻሕፈቶ ከምዘላታ ናይ ምዝርጋሓ ሓላፍነት ንስከም። ስለዚ ኩሎም ነታ መጽሓፍ ብዝምልከት ዝተዋስኡ እነቕርቦ ቅድመ-ኩነት ከኽብሩ ንጠልብ።

ትሕዝቶ መጽሓፍ ስዉእ ኣሕመድ ብዘርኢ : እቲ ምግምጋም ብቀንዱ ንህዝቢ ከምኡውን ንሰብ ሞያ ዝምልከት እዩ። ናትና ግደ እታ መጽሓፍ ከምዘላታ ናብ ህዝቢ ከምትበጽሕ ምርግጋጽ ኣዩ።

## ናትና ጠለባት

## ንሕና ስድራቤት ኣሕመድ: እዘን ዝስዕባ ቅድመ- ኩነት ነቕርብ

1. እተን መጻሕፍቲ ብዘይ ፍቃድ ናትና ክዝርጋሕ የብሉን

2. ሓንቲ ናይ ሞያ ትካል: ነቲ ተሓቲሙ ዘሎ መጽሓፍ ምስቲ ቐንዲ(original) ጽሑፍ እታ መጽሓፍ ብምንባብ እተወዳድር ስራሕ እትፍጽም ክትህልው ኢያ ። እዚ ንጥፈት ካብቲ መጽሓፍ ዝተረከብናዮ ዕለት ጀሚሩ ሰለስተ ሰሙናት ክወስድ እዩ
3. ንውልቀ ሰባት ይኹን ንትካላት ብዘይ ኣፍልጦና ዝዝርካሕ መጽሓፍ ክህልው የብሉን
4. ብዘይ ናትና ኣፍልጦን ፍቓድን ብዛዕባ እታ መጽሓፍ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ምርኢት ወይ ፍጻሜ ክህልው የብሉን
5. እተን መጻሕፍቲ ብቐጥታ ካብቲ ዝተሓትመሉ ትካል ናብ ናትና ገዛ ኣድራሻ ክስደድ ኣለዎ
6. ብጽሑፍ : ቁጽሪ ናይቲ ዝለኣኽን ከምኡውን ቁጽሪ ዝተሓትመን ምጻሕፍቲ ምንጻር
7. ንሕና ስድራቤት ኣሕመድ እቶም እንኮ ናይዚ መጽሓፍ ምዝርጋሕን ንመሸጣ ምቅራብን ሓላፍነት ዘሎና ኢና
8. ምስቲ ናይ ኣሕመድ መጽሓፍ ዝተኣሳሰር ካብ ቤት ኣሕመድ ዝተወሰደ ኩለን ኣሳእል ክምለሰልና: እዘን ኣሳእል ቅድሚ ክለት ዓመታት ኣቢሉ ዝተወሰዳ እየን
9. ስድራቤት ኣሕመድ ናይታ መጽሓፍ ናብ ትግርኛ ምትርጓም ሓላፍነት ይወስዱ: እዚ: ኩሉ ወጻኢታቱን ናይ ምስላጡ ጉዳያትን የጠቓልል
10. እታ (USB memory) ናይቲ ምጽሓፍ ሰነዳትዝሓዘት ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታን ሽድሽት ኣዋርሕን ኣቢሉ ካብ ቤት ኣሕመደ ዝተላእከት ክትምለሰልና ኣለዋ

**እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቅድመ -ኩነታት ምስ ዝገሃስ ሕጋዊ ስጉምቲ ክንኽተል ምዃና ነፍለጥ**